# ተራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ።

መደብ መበል 16 ዓመታዊ ጉባኤ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ሰሜን ኣመሪካ።
መሪሕ ጥቕሲ "ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰዓብና ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ" (ኤፌ 4፣15)
መድኃኔ ዓለም ቤተክርስትያን
ሓምለ 24 – 27, 2014 ።
ዋሺንግተን ዲ.ሲ.
ቀሺ ገብረሚካኤል ዮሓንስ

እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ፡ ሰብኣይ
በይኑ ክኸውን ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ንእኡ
እትበቕዕ ደጋፊት ክገብረሉ ኢየ በለ።...
24 ስለዚ ሰብኣይ ኣቡኡን ኣዲኡን
ይሕደግ ምስ ሰበይቱ ኸኣ ይጠብቕ፡
ሓደ ስጋ ድማ ይኾኑ። ዘፍ.2፤18,24

ኣምላኽ ንኣዳም ኪፈጥሮ እንከሎ ምስኡ ክነብር፣ ንእኡ ክግዛእ፣ ከምልኾ እዩ ፈጢርዎ። ኣዳም ንኣምላኽ ክርእዮ እንከሎ ግን ፈጺሞም ዘይጋጠሙ ፍልልዮም ኣዝዩ ገፊሕ ምዃኑ እዩ ተገንዚቡ። ምኽንያቱ ኣዳም ሥጋን መንፈስን እዩ ኣምላኽ ግን ረቂቕ መንፈስ እዩ፣ ኣዳም ንኩሎም ፍጥረታት ስም ከውጽኣሎም እንከሎ ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ግን ኣይተረኽበትን

*[20] ሰብ ድማ ንኹሉ እንስሳን ነዕፉ ሰማይን ንኣራዊት መሮርን ሰስሙ ሀቦ። ንሰብ ግና ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ኣይተረኽበትን።[21] " ዘፍ.2፥20*

ስለምንታይ ኣዳም ሓጋዚት ኣድልያቶ?
ክዳን ክትሓዝበሉ፣
ምግቢ ክትሰርሓሉ፣ ማይ ከተቕብሎ፣
ናብ ዝኾነ ቦታ መዋጽእቲ ክትኮኖ?
ከምዚ ንሕና ብኹሉ ሓጋዚ እንደሊ ከምኡ ኣይተድልዮን፣
ግን ሕጉስ ኣይነበረን።

# ንገዛእ ርእስና ንበይንና ክንከውን ብቑዓት ኣይኮናን።

ፍጹም እትገብሮ ብቑዕ እተገብሮ ሓጋዚት ኣድለየቶ። ስለዚ እዩ ኣምላኽ ኣዳም ንበይኑ ክነብር ጽቡቕ ኣይኮነን ዝበለ።
ኣዳም ምስ ኣምላኽ ሓደ ክኸውን ዘይምኽኣሉ ምስ ኣረጋገጸ፣ ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ክሰርሓሉ መደበ።
ደቂሱ እንከሎ ድማ ካብ መሰንገሊኡ ወሲዱ ሰርሓ። ምኽንያቱ ክፋል ኣካሉ እምንቲ ክትከውን።
ኣዳም ምስ ረኣያ ካብኡ ፍልይቲ ግንከ ካብ ኣካላቱ ዝተወስደት ክፋሉ እያ። እዚ እዩ እቲ ዓቢይ ምሥጢር።

*“23 እቲ ሰብኣይ ከኣ ካብ ስጋይ ኢያ፡ ካብ ሰብኣይ ተወሲዳ ኢያ እሞ፡ ሰበይቲ ትብሀል በለ።፣*
*2፣23*

**እግዚኣብሔር ማንም ዘይውንኖ ንበይንና ዝሃበና ነገራት ኣሎ።**

ኣእምሮና

ኣየር

መብራህቲ

ሕይወትና


Men
Single-minded
and focused
Women
Juggler
Extra connective tissue



# Boundary in marriage
# ዶብ (ደረት) ኣብ ሓዳር።

ዘይርአ ንብረትን ንዋትን መስመር ዶብ።
ኣብዚ ዓለማዊ ዶባት ብሕንጻጻት ተሰሚሮም ንርእዮም ኢና።
ኣብነት ፣- ከም ሃጹር፣ ትካል፣ መንደቕ፣ ወዘተ። እዚ ኩሉ ዝርአ ዶብ እዩ።

ወናኒ እቲ ክልል፣ ከባቢኡ ክሕሉ ግዴታ እዩ። መሰል ዋንነት ስለ ዘለዎ።
ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዶብ ሓቂ ህልው እዩ። ግን ብዓይኒ ዝርአ ሕንጻጽ ኣይኮነን።
ዶባት ንኣና ይገልጹና እዮም።
ንሕና ናትና ደኣ እምበር ናይ ካልኦት ዶብ ዋናታት ኣይኮንናን።

ጾብና ንምሕላው፣ ንሕና ንኽእሎ ባዕልና ክንገብሮ፣ ንሕና ዘይንኽእሎ ድማ ኣምላኽ ይሕግዘና።
ጾር English Burden and load (in Greek burden means excess and load means you can Cary) ገላ.6፥6

**ጾብ ማለት ካብ ካልኦት ዚፈልየካ ኣበይ ትጅምር ኣበይ ትውድእ ዚሕግዝ ማለት እዩ።**

1ይ. ኣካላትና፣ መጀመርታ ጾብ ኣብ ሕይወትና እዩ። ሰብ ከይትትንክፍ፣ ሰብ ድማ ነኣና ከይትንክፈና።

2ይ. ቃላትና፣ እነውጽኦም ቃላት ደረት ካልኦት ዝጠሓሱ ክኾኑ የብሎምን። ኣይፋል ክንብልውን ግቡእ እዩ።
ድኹም ጾብ ዘለዎም ሰባት ኣይፋል ምባል የሸግሮም እዩ።
ንሕይወቶም ድማ ይጎድኡ እምቢ እንተ ኢለ። ርክበይ ክበላሾ እዩ፣ ተደፊእካ እትገብሮ ድማ ሃሳዪ ይኸውን። ብፍረ ስራሕካ ኣይትሕጎስን ኢኻ።
ርሕቀት፣ ሓደ ሓደ ጊዜ ካብ ኩነታት ርሕቕ ምባል ጾብካ ከተዕሪ ይሕግዘካ እዩ።
"*ኣስተውዓሊ ሰብሲ እከይ ይርኢ እሞ ይሕባእ*" *ምሳ.22፥3*
3, ጊዜ፣ ካብ ሃሳዪ ሰብኣይ/ሰበይቲ ንውሱን ጊዜ ርሕቕ ምባል ኣድላዪ እዩ።

## ዶብካ ዘይምፍላጥ ዘምጽኦ ጸገም።

ሕራይ በሃልቲ፣- (Compliant) ኣብ ባህልና ደቂ ኣንስትዮ ውጹዓት እየን፣ "ሰኣን ሕራይ ትውቃዕ ሰበይቲ" ዚብል ሓደገኛ ምስላ ኣሎና።
ሕራይ በሃልቲ ሰባት ንዝኾነ ንሰብ ይጥዓሞ ኢሎም ሕራይ በሃልቲ እዮም።
በዚ ነገር እዚ ንኣና ጥራይ ዘይኮነ ዋላ ንደቅና ንሃስዮም ኢና፣ ኣይፋል ኣይበሃልን እዩ፣ ኢልና ንሃስዮም ኢና።
ኣይሰማምዓሉን እየ፣ ኣይገብሮን እየ፣ ግደፍ ትሃስየኒ ኣሎኻ፣ ጌጋ እዩ፣ ነውሪ እዩ ኣብዚ ትሕዘኒ ዘሎኻ ክትሕዘኒ ኣይደልን እየ።
ንደቅና ኖ ናይ ምባል ነገር እንተዘየፍሊጥናዮም፣ ንካልኦት ደረት ጥሒሶም ዚመጹ ሰባት መፈጸሚ ድልየቶም እዮም ዝኾኑ።
ብምርጫ ካልኦት እዮም ዝነብሩ
ብዘይናትካ ምርጫ ነቲ ሕማቕ ሕራይ ክትብሎ ትኽእል ኢኻ።
ሕራይ በሃሊ ምኧን ንሕማቕውን ከተሰሊ ኣየኽእለካን እዩ።

## ከምዚ ዓይነት ሰባት ፍሉይ ጸገም እዩ ዘጋጥሞም፣

ዓቕሚ ዘይብሎም ድኹማት ይገብሮም፣
ኣብ ዘይፈልጥዎ ጸገም ይኣትዉ።
ናይ ካልኦት ሰባት ስምዒት ከይጎድኡ ይፈርሁ።
ተነጽሎ ከየጋጥሞም ይፈርሁ።
ኣብ ምርጫ ካልኦት ተጸጊዖም ክነብሩ ይመርጹ።
መቕጻዕቲ ከይወርዶም ይፈርሁ።
ርእሰ ፍትወት ዘጥቅዖም ከይበሃሉ ይፈርሁ።
ዘይመንፈሳውያን ከይኮኑ ይፈርሁ።

*መንፈስ ቅዱስ ግን ከምዚ ኣይመሃረናን። "ኣነ ሓጥኣን እምበር፡ ጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን እሞ፡ ምሕረት እፈቱ፡ መስዋእቲ ኣይኮነን፡ ዚብል እንታይ ምዃኑ፡ ኪዱ ተምሃሩ፡ በሎም።" ማቴ.9፣13።*

## 2ይ ንኹሉ ዝሕሰሙ  (Avoidant)

እዚኦም ዋላ ንዝሕግዞምን ዝጠቕሞምን ኖ ጥራይ ዚብሉ እዮም።
ዶብ ዋላ ብሓጺርን ብመንደቕን ይከለል እምበር ኣፍደገ መውጽእን መእተውን ኣለዎ፣ እቲ ኣፍደገ ድማ ሕማቕ ክወጽእ ጽቡቕ ኪኣቱ ዘፍቅድ እዩ። ጎይታውን ኣባና ክኣቱ ኣፍደገ ገይሩላን እዩ። “እንሆ፡ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጻይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኸኣ ክድረር እየ፡ ንሱውን ምሳይ።” ራእ.3፥21
ከምዚኦም ዓይነቶም ሰባት ንኹሉ ይሕሰሙ ንጽቡን ንሕማቕን ይጽየፍዎ።

## 3ይ ናይ ካልኦት ዶብ ዘየኽብሩ (Controllers)

እዞም ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎም ሰባት፣ ዓመጽቲ ሃደንቲ ኣሸገርቲ እዮም። ከምዚኦም ሰባት እቲ ዝዓበየ ጸገሞም ኖ ዚብል ቃል ኪሰምዑ ፈጺሞም ኣይደልዩን እዮም። ናታቶም ጾር ሰብ ኪስከመሎም እዮም ዝደልዩ።
ኣብ ክልተ መቒልና ንርእዮም።

1. ኣሸገርቲ ዓብለልቲ (aggressive controllers) ፈጺሞም ዶብ ካልኦት ክቕበሉ ዘይፈትዉ። ከምታንኪ ሓጹር ጢሒሶም ዝኣትዉ እዮም። ደሃልቲ፣ ተጻረፍቲ፣ ዋላ ዝተሃራረሙ። ካልኦት ሰባት ናቶም ዶብ ከም ዘለዎም ይርስዑ። ኣብነት ቅዱስ ጴጥሮስ *"ናብ ደቀ መዛሙርቱ ግልጽ ኢሉ ርእዩ፡ ንጴጥሮስ፡ ኣታ ሰይጣን፡ ናይ ሰብ እምበር፡ ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ እሞ፡ ካባይ ርሐቕ፡ ኢሉ ገንሖ።" ማር.8፣33*

2, ሓባበልቲ (Manipulative)ንሰባት ብዝኾነ መነዲ ተጠቒሞም ሕራይ ከብልዎም ድቃስ ስኢኖም ይሓድሩ። ናቶም ጥራይ ከተግብሩ ዕረፍቲ የብሎምን። ረብሓ ናቶም እምበር ረብሓ ኣኀዋቶም ዘየገድሶም። ያዕቆብ ኣብነት እዩ።. ዘፍ. 27፣1-29።

## 4, ድሌት ካልኦት ዘየኸብሩ። (non responsive) not hearing the need of others.

ዝተባህሎም ሰኣን ምስማዕ ንካልኦት የጸልሙ። ምሳ.3፥27

## ጾብ ዘለዎ መርዓ ንኽትነብር ክልተ ሓደ ክኾኑ ኣለዎም።

ሓደ ንምኳን መጀመርታ 2 ምሉኣት ኣካላት ክኾኑ ኣለዎም። ማለት ውድቀት፣ ምትንሣእ፣ ጸገማት ምፍታሕ፣ ምኽሳብ፣ ምኽሳር፣ ከም ዘሎ ዚፈልጥ ርእሱ ዝኽኣለ ሰብ ክኸውን ኣለዎ፣
ሓዳር ማለት እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ተኪኡ ዝነብረሉ ዓለም ማለት ኣይኮነን።
ሓቢሮም ዝመሥረትዎ ዘዕበይዎ ክህልዎም ኣለዎ። "ንሕና" ዚብል ሕይወት ክህልዎም፣ እቲ ሓደ ዓብላሊ ምስ ዝኸውን ግን፣ "ኣነ " እዩ ዚብል።
ሓጎስካ ኣብ ካልኦት ዝተጸግዐ ክኸውን የብሉን፣ ሰላኡ፣ ብኣኻ ሰላም ስኢነ" ወዘተ ዚብሉ ቃላት ዘውጽእ  ኣብ ካልኦት ዝተጸግዐ ሰብ እዩ።
ንስኻ ናትካ ግቡእካ ክትገብር ኣሎካ።
ኣብ መጽሓፍ ቅዱስና ዓቢይ ኣብነት ኣሎና። ኣዳም ንሄዋን እዩ ኣጸሊሙ።
ሄዋንውን ከምኡ

1. **ዋንነት** ዶብና ኣበይ ከም ዚበጽሕ እንተ ፈሊጥና ጉዳይና ከነዕሪ ንኽእል ኢና። ንስኻ ናትካ ግቡእካ ግበር። ዋንነት ዶብና ኣበይ ከም ዝበጽሕ እንተ ፈሊጥና ከነዕርዮ ንኽእል ኢና።

2. **ሓላፍነት** ዝፈጸምካዮም ጉድለታት ዶብካ ሰጊርካ እንተገርካዮም፣ ባዕልኻ ክትሕተተሉን ሓላፍነት ትወስደሉን ምኽንካ ምፍላጥ።

3. **ናጽነት ኣሎና**። ኣምላኽ ንናጽነት ብናጽነት እዩ ፈጢሩና። ድላይና ናይ ምምራጽ ናጽነት ዘሎና ኮይና ኢና ተፈጢርና፣ ንሓድሕድና ክንፋቐር ብንጻ እዩ ፈጢሩና። ካብ ኣምላኽ ገጽና ክንምልስ እንከሎና ግን ናጽነትና ይግፈፍ። ባሮት ካልኦት ንኽውን፣ ባሮት ኃጢኣት ንኽውን። ኣምላኽ ካብ መጀምርታ ምስ ሠለስተ ነገራት ፈጢሩና፣ ናጽነት፣ ሓላፍነት፣ ፍቕሪ። (freedom, responsibility and love)

ኣምላኽ ናጻ ገይሩ ፈጢሩና ንናጽነትና ግን ሓላፍነት ኣሰኪሙና እዩ። ወኪላት ናጽናት ኮና ንሓድሕድና ክንፋቐር ኣዚዙ እዩ።

ናጽነት ኣብ ዘይብሉ ባርነት ኣሎ፣ ባርነት ኣብ ዘለዎ ጽልእን ቅርሕንትን ኣሎ።

ሓላፍነት ኣብ ዘይብሉ ማእሰርቲ ኣሎ።

## ዶብካ ምክልኻል።

ምክልኻል (protection) ከባቢና ብዝኾነ መንገዲ ንቆጻጸሮ ኢና።

1. ርእስኻ ምቁጽጻር። ገለ ሰባት ርእሰ ፈታውነት (selfish) ክብሉኻ ይኽእሉ እዮም ግን ከምኡ ኣይኮነን።

ርእስኻ ምቁጽጻር ማለት ናይንባዕልኻ እምበር ንኻልኦት እትቆጻጸሮ ኣይኮነን ።

ኣብነት ንሰብኣያ ከይትዛረበኒ……

2. ናይ ዝፈጸምካዮ ጉድለት ተሓታትነት ከም ዘሎካ ምርዳእ።

ኣብነት፣ ቦታምሕዳግ ጊዜ ድራር ዘይምጽባይ credit card cancelling ደፋርን ዓጻቒን ቃላት ምውጋድ።

3. ስምዒታዊ ርሕቐት (emotional distance) ገለ ሰባት ንግሩህነት ካልኣዮም ይብዝብዝዎ እዮም። ምሳ. 4፣23

ንልብኻ ሓልዎ ማለት እዚ ዚስዕብ ከስምዕ ይኽእል።

እፈትወካ እየ ግን ኣይኣምነካን እዩ። (I love you but I do not trust you)

ምስ ተመሓየሽካ ካልኣይ ንቀራረብ።

ውሽጣዊ ስምዒተይ ከካፍለካ ኣይክእልን የ።

### ኣካላዎ ራሕቂ (physical distance)

ንጊዚኡ ኣካላዊ ራሕቂ ንትምህርቲ ንጥንቃቐ፣ ንምሕሳብ ንምሕዋይ፣ ሓዲሽ ነገር ንምምሃር፣ ዘይተሓስበ ሓደጋ ካብ ምስዓብ ይከላኸል እዩ። ምሳ. 27፣12

# 16 ነገራት ሓዳር ዘበላሽዉ።

1. ርክባትካ ብግልጽን እምነትን ዘይምግባር።
2. ብቐጻሊ ሕርቃን ርእሰ ፈታውነት ተሪር ዓጻቕ ምኳን።
3. ንኻልኣይካ ይቕሬታ ምኽላእ።
4. ኩሉ ጊዜ ጭኑቕ ምኳን፣ ብርእስኻ ንዘይትፈትሖ ምሽጋር።
5. ውሉድካ ካልኣይትኻ ንኣኻ ዝያዳ ከም ዝብጽሑኻ ምእማን።
6. ኣብ ከባቢ ገዛኻ ዘይትሰርሕ ዘይትንቀሳቐስ።
7. ገንዘብ ኣብ ዘይመዓላኡን ኣይግቡእን ምብኻን።
8. ነፍስኻ ወልፊ ኣሕሊፍካ ምሃብ።
9. ናትካ እምበር ናይ ሰበይትኻ/ሰብኣኪ ስምዒት ድሌት ጾታዊ ርክብ ዘይምርዳእ።
10. ኣብ ጋዜጣን መጽሄትን ዝረኣኻየን ስም እናጠቐስካ ምምዃስ።
11. ኣንጻር ካልኣይካ ልብኻምትራርይቕረታ ምሃብን ምቕባልን ዝሕሰም ልቢ።
12. ኣብ ልብኻ ንኻልኣይትኻ/ካልኣይካ ልዕሊ ኣምላኽ ከተንብር ምፍታን።
13. ክንፋታሕ ኢና ዚብል ኣንፈስ ኣብ ኣእምሮኻ ምቕማጥ።
14. ካብ ካልኣይካ/ትኻ ንኻልኦት ሰባት ዝያኣ ከተቐባጥርን ከተዘናግዕን ምፍታን።
15. ንፍልልይካ ብዕርቂ ከተዕርፍ ዘይምፍታን።
16. ሓንጎል ካልኣይካ ከተንብብ ምፍታን።

# ክትገብሮም ዝግብኣካ ነገራት

1. ፍልልያትካ ፈሊጥካ ቃልካ ምጥንቃቕ።
2. እትዛረቦም ቃላት ተጠንቂቕካ ምዝራብ። ኤፌ.4፥29
3. ጥዑም ቃል ካብ ጉዳኢ ቃል ዝያዳ ኃይሊ ኣለዎ።
4. ቅድሚ ምዝራብካ ምሕሳብ። ምሳ.15፥28
5. ጥዑም ቃላት ሕይወት ይህብ። ምሳ.16፥24
6. ዘይጥዑማት ቃላት ካብ ንኻልኣይካ ንኣኻ ይጎድኡ። ማቴ.12፥37
7. ቃላትካ ዕንቅፋት ክኾኑኻ እዮም። ያዕ.3፥2
8. ጥዑይ ሕይወት እንተ ደሊኻ ንቃላትካ ተጠንቀቐሉ 1ጴጥ. 3፥10
9. ቃላትካ ብጸላኢ ክጽለዉ ይኽእሉ እዮም።
10. ብዙኅ ቃላት ዘይምዝራብ። ምሳ.10፥19

## ቆጥዓ ወይ ሕርቃን

1. ቁጥዓ ደው ከተብሎ ትኽእል ኢኻ። መዝ.37፥8
2. ቁጥዓ ባእሲ የልዕል ኣብ ኃጢኣት የውድቕ። ምሳ.29፥22
3. ቁጥዓ ክትቆጻጸር ምኽኣል ኃያል ይገብረካ። ምሳ.16፥32
4. ካብ ሕርቃን ተዓጊስካ ምሓፍካ ንረብሓኻ እዩ። ምሳ.19፥11
5. ቁጥዓ ናይ ዓያሹ መዕቀኒ እዩ። መክ.7፥9
6. ቁጡዓት ሰባት ንኽባቢኦም ሕማቕ እዮም ምሳ.224
7. ናይ ሕርቃን ቃላት ዝያዳ ሕርቃን የስዕቡ። ምሳ።15፥1

## ሕድገት።

1. ሕድገት በረኸት የስዕበልካ 1 ጴጥ.3፣8-9
2. ንኻልኦት ሕድገት ምግባር ንኣም ጥጡሕ መገዲ ንኣኻ ኅድገት ኃጢኣት እዩ። ሉቃ.6፣37
3. ኅድገት ንኽትኃድግ ይድግፈካ ንቕድሚት ትኸይድ። ፊሊ.3፣13-14
4. ኅድገት ብምሉእ ልብኻ ከተምልኽ ይሕግዘካ። ማቴ.5፣23
5. ኅድገት ሕያዋይን ርኅሩኅ ሰብ ክትከውን ይረድኣካ። ማቴ. 4፣31
6. ኅድገት ንክርስቶስ የምስለካ። ቆሎ.3፣13
7. ሰላም ክትረክብ ጓሂ ከተርሕቕ ይሕግዘካ። ዕብ.12፣ 14-15

## ሳዕቤን ዘይምኅዳግ።

ኃዳግ ዘይምኻን እሱር ይገብረካ ማቴ.18፣33-35

ኃዳግ ዘይምኻን ቅዩምን፣ ሕነ ክትፈን ይደፋፍኣካ።

ኃዳግ ዘይምኻን ብኣምላኽ ኅድገት ከይትረክብ ይእግደካ ማቴ፣6፣15

ኃዳግ ዘይምኻን ንጸሎት ይዓግት ማቴ.11፣25

ኃዳግ ዘይምኻን ማለት ውድቀት ካልኦት ክትርኢ ትምኒት ናትካ ግን ኣይኮነን። ማቴ.73-5

ኃዳግ ዘይምኻን ማለት ኣብ ጸልማት ትኸይድ ኣሎኻ ማለት እዩ። 1ዮሓ.2፣11

ኃዳግ ዘይምኻን ማለት ንበዓል ኪዳንካ ጽቡቕ  ዘይምስምማዕ እዩ 1ተሰ.5፣15

# ንዋት (Finances)

ኣብ ሓዳር እቲ ዝኸፍአ እቲ ብገንዘብ ዚመጽእ ጸገም እዩ።
ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ንገንዘብ “ጐይታ ኢልዎ እዩ

ብዛዕባ ዘሎካ ገንዘባዊ ጉዳይ ንኣምላኽ እትሓቶ።

1. ኣተሓሕዛ ገንዘብካ ጥበብ ኪህበካ።
2. ኣወጻጽኣ ገንዘብካ ምስትውዓል ኪህበካ።
3. ካብ ዘየድሊ ልቓሕ ከድኅነካ።
4. ንዘየድሊ መዓላ ከይተውዕሎ ኪሕግዘካ።
5. ንመጻኢ ውጥናትካ ኪሕግዘካ።
6. ጥዑይ ስራሕ ኣብ መካብ ኪደርኣካ።
7. ንዝሰራሕካዮ ክባርኾ ንስኻውን ክትባረኽ።
8. ኣምላኽ ዝኣዘዘካ ክትህብ ከይትስስዕ ትዕግስቲ ክህበካ።
9. ንጽጉማት ከም ፍቓዱ ከተማቕል ኪረድኣካ።
10. ኣምላኽ ኩሉ ከም ዝሃበካ ክትኣምን ክረድኣካ።

# ካብቲ ዝሃበካ ንኣምላኽ ምሃብ።

## 6. ነገራት ንኣምላኽ ክትህብ እንከሎኻ እትዝክረን።

1. ካብ ዝሃበካ 10% እንተ ሂብካ ዝዓበየ በረኸት ካብ ኣምላኽ ከም እትቕበል ምእማን። ሚልክ.3፥10-11
2. ንኣምላኽን ንቤቱን ኣስተዋጽኦ ክይገበርካ ቤትካ ጥራይ ኣይትህነጽ። ሃጌ 1፥4-10
3. በቲ ኣምላኽ ዝሃበካ እሙን ኮንካ ናብ ኣምላኽ ኣቕርቦ ኣምላኽ ክባርኸልካ። ማቴ25 21
4. እቲ ዝሃበካ ኩሉ ኣምላኽን ናይ ኣምላኽን ምዃኑ ብምሉእ ልብኻ ምእማን 1ዜና.29፥11-14
5. ካብ ኣምላኽ ካብቲ ዝሃብካዮ ዝበዝሕ ከም እትቕበል። ሉቃ. 6፥38
6. ካብ ተቐባሊ ዝያዳ ዋሃቢ ከም ዝባረኽ ብምሉእ ልብኻ ተሓጒስካ ሃብ። ግብ.20፥25

# ደጋዊ ጽልዋ ንሓዳር የበላሹ እዩ።

ብዙሕ ነገራት ንሓንጎልና ዝፍትኑ ኣለዉ።
ብግርህና እንርእዮ ነገራት ኣብ ሓዳር ሃስያ የውርድ እዩ። ንሃድመሉ እምበር ኣይንቃለሶን። ምሳ.27፥12

ክትጥንቀቐሎም ዘሎካ 5 ነገራት።

1. ካብ ኣምላኽ ዝፈልየካ ነገር ኣይትጠምት። ማቴ.18፥9
2. ቁም ነገር ኣብ ዘይብሎም ነገራት ሒልናኻ ኣይተንብር። መዝ. 119፥37
3. ናብ ዓለማዊ ስሕበት ኣይትጠምት። 1 ዮሓ.2፥16
4. ናብ ናይ ሕይወት ጸልማት ኣይትጠምት።
5. ካብቲ ኣምላኽ ዝሃበካ መገዲ ካልእ ኣይተናዲ።

# ሓደጋኛነት ጠቓምነትን ቴክኖሎጂ ኣብ ናብራና፣ ሕይወትናን ደቅናን።

## ጎዳእነት ቴክኖሎጂ

ቴክኖሎጂ ወይ የማዕብለካ ወይ ድማ ይጎድኣካ።

ቴክኖሎጂ ናቱ ባርያ እንተ ገይሩካ።

ካብ ሰብነትካ ይፈልየካ፣ ካብ ህልው ዓለም የውጽኣካ።

## ምስ ከባቢኻ ዘሎ ሕብረተ ሰብ ይፈልየካ

ጐይታና ዓቢይ ኣብነት ዝመሃረና።
ንዘኬዎስ፣ ነቶም ሕጻናት፣ ነታ ክዳኑ ዝተንከፈት ሰበይቲ፣ ነታ ኣብ ሩባ ዝረኸባ ሰበይቲ።
ሓዋርያ ቅዱስ ዮሓንስ ብወረቐት ክጽሕፈልኩም ኣይደሌኹን 2, 3 ዮሓንስ

መልእኽቲ። (Text)



ተጋጊኺ ዲኻ ናብ ካልእ ክትሰዲ ናባይ ሰዲድክዮ?



ሓደጋ ድዩ ኣጋጢሙኪ?



ካብ ገዛ ወጺእኪ እሞ ጽንሒ ሓንቲኣ ክትወልድ ኢያ።



ክንደይ ዝኸውን ኢኺ ደሊኺ ?



